ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ኣብ 2010 ዓም በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ናይ ንብረታት ብምድብ መቒሉ ናይ መኪና ኣቅሑት ቆወምትን ንብረታት ምድብ1 : ምድብ 2 ናይ ቢሮ ኣቅሑት ፈርኒቸር ብብርኪ ክልል ብግልፂ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 10, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 26, 2010 6:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 26, 2010 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ሓደ ኣርጅናልን ሓደ ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል::

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ TIN ቑፅሪ ሰርተፊኬት ሓደ ኣርጅናልን ሓደ ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል::

3 ንተወሳኪ እሴት ታክሲ ዝተመዝገበ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ መስከረም 2010 ዓ/ም VAT ድክላሬሽ ንሓደ ኣርጅናልን ሓደ ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል:;

4 በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰን ምስኽር ወረቐት ሓደ ኣርጅናልን ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል::

5 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳደሪ ዝሰዓሮ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 10 ንምድብ 1: ንምድብ 2 ድማ ኣብ ዉሽጢ 20 መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቅርብ ይግበእ::

6 ናይ መወዳደሪ ደኩሜንተ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ክኸዉን ይግባእ::

7 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምረሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ንኩሎም ምድብ ሎት 1- ሎት ሎት 2 ሎት 3 ዘይምለስ ብር 50.00 /ሓምሳ ብር/ ጥራሕ እናኸፈለ ካብ ቢሮና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ፍትሒ ክልል ትግራይ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 317 ካብ 4/03/2010 ዓ/ም ክሳብ 26/04/2010 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል::

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መኽበሪ ንነብስወከፍ ሰነድ ጨረታ ንምድብ 1ብር 50 :ምድብ 2 ድማ ንሕድሕድ ብር 50 ብር ብሽም ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ Â /Bureau of Justice/ ብ CPO ወይ ብስርቲፋይድ ቼክ ዉይ ድማ ብጥረ ገንዝብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅደሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል::

9 እቲ ጨረታ ዕለት 26/4/2010 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8:00 ድሕሪ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓትÂ  9:00 ድሕሪ ሰዓት ኣብ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 317 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኽፈት::

10 ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እነተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

11 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20 % ክቅንስ ወይ ክዉስክ ይክእል እዩ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸዉን::

13 ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቁፅሪ 0344408714 ደዊልካም ሕታት ይከኣል::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle